**Mottagningsgruppen**
0520-49 58 00

**Rådgivningen Oscar**
0520-49 54 10, tisdagar 17.00-20.00
oscar@trollhattan.se

**Alkohol- och drogrådgivningen Pilen**
0520-49 72 40
pilen@trollhattan.se

**Drogförebyggande samordnare**
0520-49 71 37

www.trollhattan.se/drogforebyggande

Trollhättans Stad

LÄNSSTYRELSEN
VÄSTRA GÖTALANDS LÄN
County Administrative Board

ምንጪ፡ ሰምዲ ናርኮቲክ ኣብ ምዕራብዊ ዮታላንድ 2016. ካን (CAN)

*Foto: Misak Nalbandian. Foto framsida: Ida Edgren*

# ንዓኹም ንወለዲ ዝኾንኩም– ንኣልኮላዊ መስተ ብዝምልከት



# ሓበሬታ

- ካብ መሸጢ መስተ ትካል ሲስተም-ቦላገት መስተ ንምግዛእ ሓደ ሰብ ብውሑዱ 20 ዓመት ዝመልአ ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ ኣብያተ-መግቢ መስተ ንምእዛዝ ሓደ ሰብ ብውሑዱ 18 ዓመት ዝመልአ ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ ድኳናት ውን እንተኾነ ህዝባዊ መስተ ነቶም ብውሑዱ 18 ዓመት ዝመልኡ ክሸየጥ ኣለዎ።
- ንነኣሽቱ መስተ ዝዕድግ ሰብ መቕጻዕቲ ወይ ውን ማእሰርቲ ክብየነሉ ይኽእል።



# እዚ ዝስዕብ ኣብ ግምት ምእታው የድሊ

ኩሎም ኮተቴ መስተ ኣይሰትዩን እዮም። ብኣንጻሩ ብዙሓት ካብኣቶም ካብ መስተ ምስታይ ክቁጠቡ ይመርጹ። ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ካብ ዝመሃሩ ኮተቴ እቶም ዝበዝሑ መስተ ጥዒሞም ኣይፈልጡን እዮም።
ንደቆም መስተ ብምዕዳም፡ ወለዲ ውን መስተ ምስታይ ከም ዓቢ ነገር ኣምሲሎም ከቕርብዎ ይኽእሉ እዮም። መጽናዕቲ ዝውታረ ልምዲ ሓሺሽ ከም ዘነጽሮ፡ እቶም ብወለዶም መስተ ዝጋበዙ ኮተቴ፡ ካብቶም ብስድሪኦም ዘይጋበዙ ብዕጽፈታት መስተ ይሰትዩ።

ዝበዝሕ
ግዜ ገለ ጌጋ
እንተሃልዩ ከም ወላዲ
ነብስኻ ይነግረካ ኢዩ !!

18 ÅR GÄLLER FÖR
18
ALKOHOL



# ሳዕቤን ኣልኮላዊ መስተ

ኣልኮል ንኣእምሮ ዝጎድእ ስሚ እዩ። ነኣሽቱ ክሳብ 25 ዓመት ዝመልኡ ኣእምሮኦም ኣብ ምምዕባል ስለዝርከብ ንጉድኣት ኣልኮል ተኣፋፈፍቲ ይገብሮም።
ኣልኮል የስክር ብምኳኑ፡ እንወስዶም ገምጋማትን ስጉምታትን በዚ ክጽሎ ይኽእል። ኮተቴ ባዕላቶም ከም ዝብልዎ፡ ክሰትዩ እንከለዉ ንዓበይቲ ሽግራት ከም ዝሳጥሑ ይሕብሩ። እዚ ሽግራት`ዚ ንኣብነት ባእሲ፡ ዓመጽ፡ ሓደጋ፡ ዘይተደልየ ስጋዊ-ርክብ፡ ሰኺርካ መኪና ምዝዋር ወይ ውን ምስ ዝሰተየ ኣውቲስታ ተጻዒንካ ምኻድን ካልእ የጠቓልል።




# ከም ወላዲ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

- ጥብቕ ዝበለ ዝምድና መስርት። ኣብ መንጎ ወላድን ውላድን ዝምስረት ጽቡቕ ዝምድና ዘይተደልየ ነገራት ኣብ ምግታእ ጠቓሚ እዩ።
- ክትፈልጥ ድለ። ንውላድኩም ብዛዕባ መስተ ሕተቱዎን ኣዛርብዎን
- ንጹር ኩን! ነኣሽቱ ወትሩ እቲ ክግበር ዘለዎ እንታይ ምዃኑን እንታይ ትጽቢት ከም ዝግበረሎምን ብንጹር ክፈልጡ ይደልዩ እዩም።
- ምስ ካልኦት ወለዲ ተዘራረቡ። ሓባራዊ ስምምዓት ውን ግበሩ።
- ንውላድኩም መስተ ኣይትሃቡን ኣይትግዝኡን።